## *ኣህጉራዊ መዓልቲ ስንኩላን ኤርትራ ኣብ ከተማ ቡፐርታል ብዓወት ተዛዚሙ*

*ብሃ.ማ.ደ.ኤ. ንኡስ ጭንፈር ከተማ ቡፐርታል ተዳለወ ፡ ኣታዊኡ ንስኩንላን ሓርበኛታት ኤርትራ ዝውዕል ብዕለት 28. 11. 2015 ኣብ ከተማ ቡፐርታል 3 ታሕሳስ ኣህጉራዊ መዓልቲ ስንኩላን ስንኩላን ካብ ተጸባይነት ናብ ኣፍራይነት ንቐይሮም ! ተኻፈልቲ መርሪ ቃንዝኦም ንኹን ! ኣብ ትሕቲ ዝብሉ ገለጽቲ ቴማታት ኤርትራን ተቐማጦ ኖርድራይን ቨስትፋለን ተሳተፍሉን ከምኡውን ናይ ክብሪ ዕዱማት ኣቦ መንበር ማሕበር ስንኩላን ሽቱትጋርት ኣቶ ሑሰን ከሊፋ ኢድሪስ (ሳሕበይ)ን ኣቶ ተወልደ ተስፋይ ኣባል ፕሪጀክት ሕክምና ማሕበር ስንኩላን ሽቱትጋርት ዝተረኸበሉ ብምዕሩግ ኣገባብ ብሓበን ተዘኪሩ።*

*መደብ ብዝኸረ ሰማእታት ብድሕሪ ምኽፋት ናይቲ ከተማ ኣደ መንበር ሃ.ማ.ደ.ኤ. ወ/ሮ ረዛን ርእሶም ንተሳተፍቲ ናይ እንቋዕ ድሓን መጻእኩም መልእኽታ ብድሕሪ ምቕራብ ፡ ንመዓልቲ ስንኩላን ኤርትራ ኣመልኪታ እዞም ክብርን ደገፍን ዝግብኦም በጃ ሃገር ዝሰንከሉን ሃገር ዘግዘሙን ሓርበኛታትና ፡ ጥዕናዉን ቁጠባዉን ጸገማቶም ንምቅላል ከንሕግዞም ናይ ነውሲ ወከፍና ሓለፍነት ኮይኑ መጻኢ ወሎዶ ውን ብሓላፍነት ተቐቢሉ ክቕጽሎ ከምዘለዎ ከነውርሶም እንኽእል ንሕና ወለዲ ግብራውያን ምስ እንኸውን ጥራይ እዩ፡ ክትብል ለበወኣ ኣተሓላልፈት።*

*ኣቦ መንበር ማሕበር ስንኩላን ሽቱትጋርት ኣቶ ሑሰን ከሊፋ ኢድሪስ (ሳሕበይ) ኣብ'ቲ ጽንብል ተረኺቡ ኣብ ዘስመዖ መደረ ሓርበኛታት ስንኩላንና ሓበን ሃገር እዮም። ክንሕብሕቦምን ክሕበነሎምን ድማ ይግባእ። ጥዑያት ዝነበሩ በጃ ሃገር ዝሰንከሉ ሃገር ዘግዘሙ ሓርበኛታት ስለ ዝኾኑ ዝበረኸ ክብርን ደገፍን ይግብኦም።ጥዕናዉን ቁጠባዉን ጸገማቶም ንምቅላል ክንሕግዞም ይግባእ ኢሉ። ማሕበር ስንኩላን በቲ ዘለዎ ጥቡቕ ናይ ስራሕ ዝምድና ምስ ኤርትራዉያንን ካልኦት ዜጋታት ገበርቲ ሰናይ ማሕበራትን ዉልቀሰባትን መሻርኸትን መሓዙትን ተላዚቡ ይነጥፍ። ድሕሪ ምባል ንኹሉ ዝተገብረ ኣበርክቶታት ብምሙጓስ ከም ወትሩ ምትሕባር ኩሉ ህዝቢ ከይንፈግ ኣዘኻኺሩ።*

*ቀጺሉ ኣቶ ተወልደ ተስፋይ ኣባል ፕሪጀክት ሕክምና ማሕበር ስንኩላን ሽቱትጋርት ንኣመሰራርታ ማሕበር ስንኩላን ሽቱትጋርን ንኣገባብ ኣሰራርሕኡን ምስ ሃገራዉያን ማሕበራት ዘለዎ ስጡም ናይ ስራሕ ዝምድናን ዝዓመሞም ዓበይቲ ፕሮጀክትታትን ኣብ ትግባረ ዝርከቡ ዝርዝር መብርሂ ኣቕሪቡ።*

*በዚ ኣጋጣሚ ኣቦ መንበር ህ.ግ.ደ.ፍ. ጉጅለ ቡፐርታል ኣቶ ተወልደ ቴድሮስ ብወገኑ ናይቲ ብሃማደኤ ዝካየድ ዘሎ ቅዱስ ዓላም ናይ ደገፍ መልእኽቲ ብድሕሪ ምቕራብ ስንኩላን ኤርትራ ኣካላዊ ስንክልና ደኣእምበር ፡ ይእምሮኣዊ ስንክልና ስለ ዘይኮነ ፡ ንቡር ህይወቶም ከመርሑ ሓገዝ ብንዋት ኮነ ብሞራል ፡ ቀጻልነቱ ከዓቢን ዘለዎ ትምኒቱ ገለጸ።*

*ብድሕሪዚ ኣብቲ ንኽብሪ እታ ዕለት ተዳልዩ ዝነበረ መዘነግዒ መደባትን እኸለማይን ብምውሳእን ፡ በቲ ብውህደት ኣባላት ሃማደኤ ዝካየድ ዝነበር ምቕሉልን እንግዶትን ንጥፈታትን ሃገራዊ መንፈስ ዝዓሰሎ በዓል ኣህጉራዊ መዓልቲ ስንኩላን ኤርትራ ተኻይዱ።*

*ኣብዚ ዕለት'ዚ ተኣከበ <u>1163€ (ይሮ) ንመማዕበሊ ፕሮጀክትታት ስንኩላን **ንኽውዕል** ብመገዲ ማሕበር ስንኩላን ኤርትራውያን ሽቱትጋርት ንማሕበር ስንኩላን ኲናት ተጋደልቲ ኤርትራ (ማ.ስ.ኲ.ተ.ኤ) ተወፍዩ።</u>*

*ዘልኣለማዊ ክብርን መጐስን ንጀጋኑ ሰማእታትና :*
*ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ !*
*ሃ.ማ.ደ.ኤ. ንኡስ ጭንፈር ከተማ ቡፐርታል ከባቢኣን*